UNHCR
United Nations High Commissioner for Refugees
Haut Commissariat des Nations Unies pour les réfugiés

# ንሰርዓት ዳብሊን ዝምልከት ሓበሬታ ንዓለምለኻዊ ሓለዋ ዝጠልቡ ኣመልከትቲ

## ሰርዓት ዳብሊን እንታይ እዩ?

ኣብ ኤውሮጳ፣ ንጉዳያት ሓተትቲ ዕቑባ ብዝምልከት ሃገራት ናይ ሓባር ሕጊታት ኣውጺአን እየን። ሰርዓት ዳብሊን ሓደ ኣካል ናይዚ አገባብ እዩ። ሰርዓት ዳብሊን ረቛሒታት መሰረት ብምግባር ካብተን ኣብ ኤወሮጳ ዝርከባ 32 ሃገራት ወይድማ 'ሃገራት ዳብሊን' ንናይ ዕቑባ ሕቶ ክትርኢ ዘለዋ ኣየነይቲ ሃገር ከምዝኾነት ዝውስን ሰርዓት እዩ (ረቛሒታት ኣብ ታሕቲ ረአ) ።

> **'ሃገራት ዳብሊን'**
>
> ኦስትሪያ፣ ቤልጄም፣ ቡልጋርያ፣ ክሮኤሽያ፣ ሳይፕረስ፣ ቼክ ሪፐብሊክ፣ ዴንማርክ፣ ኢስቶንያ፣ ፊንላንድ፣ ፈረንሳ፣ ጀርመን፣ ግሪኽ፣ ሃንጋሪ፣ ኣይስላንድ፣ ኣየርላንድ፣ ኢጣልያ፣ ላቲቭያ፣ ሊቸንስተይን፣ ሊቱዌንያ፣ ሉክሰምበርግ፣ ማልታ፣ ኔዘርላንድስ፣ ኖርወይ፣ ፖላንድ፣ ፖርቱጋል፣ ሮማንያ፣ ስሎቫክያ፣ ስሎቬንያ፣ ስፐይን፣ ስዊድን፣ ስዊዘርላንድ፡ ከምኡድማ ዓድ እንግሊዝ።

እዚ ማለት ድማ ብምኽንያት ፍሉይ ኩነታት ኣብቲ ዘለኻዮ/ኽዮ ሃገር ክትጸንሕ/ሒ ክፍቀደልካ/ኪ ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት ኣብቲ ዘለኻዮ/ኽዮ ዓዲ ቤተሰብ እንተሃልዩካ/ኪ፣ ወይድማ ናብ ካልእ ሃገር ብውሑስን፣ ናጻን ስሩዕን መንገዲ ክትመሓላለፍ ትኽእል/ሊ፣ ንኣብነት ኣብኡ ቤተሰብ እንተሃልዩምኻ/ኺ።

ናብ ካልእ ሃገር እትመሓላለፊሉ/ፍሉ ምኽንያታት እንተሃልዩም፣ ሕቶኻ/ኺ ድማ በታ ሃገር ተቐባልነት እንተረኺቡ፣ ሽዑ ናይ ዕቑባ ሕቶኻ/ኺ ኣብኡ ይረኣይ። ዕድመኻ/ኺ ዝኣኸለ ሰብ እንተኾንካ/ኪ፣ ብመሰረት ምትእኽኻብ ስድራቤት ሰርዓት ዳብሊን ኣብ ካልእ ሃገር ዘሎ ቤተሰብካ/ኪ ክቐበለካ/ኪ ምዃኑ ብጽሑፍ እንተገሊጹ ጥራይ እዩ ምስቲ ቤተሰብካ/ኪ ከትተኣኻኸብ/ቢ ትኽእል/ሊ።

# ናብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ብሕጋዊ መንገዲ ንምኻድ እዞም ዝስዕቡ ከተማልእ/ኢ ኣለካ/ኪ።

- ቆልዓ ኮይንካ/ኪ (ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሜኻ/ኺ) ምስ ኣዴኻ/ኺ ወይ ኣቦኻ/ኺ ወይድማ ምስ ካልእ ዝናብየካ/ኪ እኹል ሰብ እንድሕር ዘይኮንካ/ኪ ግና ኣብቲ ካልእ ሃገር፡
  - ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ሕጋዊ መንበሪ ፍቃድ ዘለዎ ኣቦ፣ ኣደ፣ ካልእ ዝናብዩ ሰብ፣ ሓው፣ ሓፍቲ፣ እንተሃልዩካ/ኪ ወይድማ ክህለወኒ ይኽእል ዝብል እምነት እንተሃልዩካ/ኪ፡ ወይድማ
  - ኣብ ካልእ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ሕጋዊ ነባርነት ዘለዎ ክከናኽን ዝኽእል ኣኮ፡ ሐወቦ፡ ወይድማ ክትከናኸን እትኽእል ኣሞ፡ ሐትነ እንተሃልዮምኻ/ኺ፡

  ከምኡድማ
  - ናብኡ/ናብኣ ኣብቲ ዘለዉዎ ሃገር ክትጽምበሮም/ርዮም እትደሊ እንተኾንካ/ኪ።

- ዕድመኻ ዝኣኽለ ኮንካ/ኪ ኣብ ካልእ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ በዓልቲ ቤት/ባዓል ቤት፣ መጻምድቲ/ዲ፣ ቆልዓ (ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሜኡ) እንተሃልዩካ/ኪ። ናብኡ/ናብኣ ክትጽምበር እንተደሊኻ። ንሱ/ንሳ ኣብታ ሃገር ዕቑባ ዝሓተቱ እንተኾይኖም ወይድማ ንናይ ዕቑባ ሕቶኣ/ሕቶኡ ኣወንታዊ ምላሽ ዝረኸቡ እንተኾይኖም።

- ብ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ዝተውሃበካ/ኪ ቅቡል መንበሪ ሰነድ/ቪዛ ወይድማ ኣልግሎቱ ካብ ዘብቅዕ ትሕቲ ክልተ ዓመት ዝገበረ መንበሪ ሰነድ ወይድማ ኣገልግሎቱ ካብ ዘብቅዕ ትሕቲ ሽዱሽተ ወርሒ ዝገበረ ቪዛ እንተሃልዩካ/ኪ እሞ ካብ ዶብ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ዘይወጻእካ/ኪ እንተኾንካ/ኪ።

- ነፍሰጾር እንተኾንኪ፣ ናጽላ ህጻን እንተሃልዩኪ/ካ፣ ከቢድ ስንክልና እንተሃልዩካ/ኪ፣ ብኸቢድ ዝሓመምካ/ኪ ወይድማ ብዕድመ ዝደፋእካ/ኪ ሽማግለ እንተኾንካ/ኪ እሞ ኣብ ካልእ ናይ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ሕጋዊ ነባርነት ዘለዎ ወላዲ፣ ኣሕዋት ወይድማ ህጻን እንተሃልዩካ/ኪ። ናብኡ/ናብኣ ክትጽምበር እንተደሊኻ/ኺ። እቲ ሰብ ክሕግዘካ/ኪ ክእለት እንድሕር ኣለዎ።

- ኣብ ካልእ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ሕጋዊ ነባሪነት ዘለዎ  ዕድሜኡ ዝኣኸለ  ውላድ፣ ሓው ወይድማ ሓፍቲ፡ ነፍሰጾር ወላዲት፣ ናጽላ ቆልዓ፣ ከቢድ ስንክልና ዘለዎ/ዋ፣ ብኸቢድ ዝሓመመ/ት ወይድማ ብዕድመ ዝደፈአ ሽማግለ ሰብ እንተሃልዩካ/ኪ። ናብቲ ሰብ ክትጽምበር ትደሊ እንተኾንካ/ኪ። ነቲ ሰብ ንኽትሕግዝ ዓቕሚ እንተሃልዩካ/ኪ።

- ብሰብኣዊ ምኽንያታት ብፍላይ ባህልን፡ ስድራን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ካልእ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ናብ ዝርከብ ኣባል ስድራቤትካ/ኪ ክትጽምበር/ሪ እንተደሊኻ/ኺ። እታ ሃገር እቲኣ ክትቅበለካ/ኪ ፍቓደኛ እንተኾይና።

# ኣብ ሓደ ካብ ዞም ኩነታት ኣለኹ ዝብል እምነት እንተሃልዩካ/ኪ፤ ነእዞም ዝስዕቡ ስጉምቲታት ክትወስድ/ዲ ኣለካ/ኪ፤

- ኣብቲ ሕጂ እትርከበሉ/ብሉ ሃገር ናብ ዝርከቡ ሰበ ስልጣን ዕቊባ ክትሐትት/ቲ ኣለካ/ኪ።

- ኩነታትካ/ኪ ክትገልጽን ነቲ ሕቶኻ/ኺ ከደልድል ዝኽእል ብዛዕብኻን/ኽን ብዛዕባ ኣባላት ስድራቤትካን/ክን መረጋገጺ ክኾኑ ዝኽእሉ ኩሎም ኣገደስቲ ሓበሬታታት፡ ሰነዳት ብቖልጡፍ ነቶም ሰበ ስልጣነ ከተረክብ/ቢ ኣለካ/ኪ (ስማት፣ ኣድራሻታት፣ ቁጽሪታት ተሌፎን፣ ናይ ዝምድናኻኺ መርትዖ፣ ናይ መንበሪ ፍቓድ፣ ወዘተ)።

# ኣብ ካልእ 'ናይ ዱብሊን ሃገር' ዕቑባ ሓቲትካ/ኪ ፣ ተሰጋጊርካ/ኪ ወይ ድማ ተቐሚጥካ/ኪ እንተኔርካ/ኪ፡

ናብታ ሃገር ከም እትምለስ/ሲ ክግበር ይከኣል እዩ። እዚ ኾኑ:

- ናብቲ ሕጂ ዘለኻዮ ሃገር ቅድሚ ምእታውካ/ኪ ኣብ ካልእ 'ናይ ዱብሊን ሃገር' ዕቑባ ሓቲትካ/ኪ እንተኔርካ/ኪ፣ ወይድማ
- ናብ ኤውሮጳ ብኻልእ 'ናይ ዱብሊን ሃገር' ከምዝኣተኻ/ኺ ወይድማ እንተወሓደ ን 5 ኣዋርሕ ኣብ ካልእ 'ናይ ዱብሊን ሃገር' ከምዝነበርካ/ኪ ዝገልጽ መርትዖ (ከም ዓሸራ ኣጻብዕቲ) እንተሃልዩ፣

ከምኡድማ

- ናብ ካልእ 'ናይ ዱብሊን ሃገር' ንኽትሰጋገር/ሪ ንምሕታት ቅቡል ምኽንያት (ኣብ ላዕሊ ዘሎ ረቛሒ ረአ) እንተዘይሃልዩካ/ኪ።

## ናይ ዱብሊን ኣሰራርሓ

- ቆልዓ (ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሜኻ) እንተኾንካ/ኪ፣ እቶም ሰበስልጣን ዝሕግዘካ/ኪ ኣካል ክደልዩልካ/ኪ እዮም (ተወካሊ/መጉዚት/ናይ ሕጊ በዓልሞያ)።
- ናይ ኣጻብዕቲ ዓሸራ ክትህብ/ቢ ክትሕተት/ቲ ኢኻ/ኺ (ዕድመኻ/ኺ ልዕሊ 14 ዓመት እንተኾይኑ)።
- ናይ ኣስተርጓሚ ደገፍ ተደሊ እንተኾንካ/ኪ ኣስተርጓሚ ክምደበልካ/ኪ ክትሓትት/ቲ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።
- ደገፍ ንምርካብ ፣ ምስ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ትካል ስደተኛታት UNHCR ናይ ምርኻብ መሰል ኣሎካ/ኪ (ብኽብረትካ ናይ ኣድራሻ ዝርዝር ኣብ ዝባን ረአይ)።
- ኣብታ ዘለኻያኽያ/ዘለኽያ ሃገር ዝርከቡ ሰበስልጣን ቃለመጠይቕ ክገብሩልካ/ኪ እዮም፣ ሽዑ ኣገዳሲ ሓበሬታ ከምኡድማ/ ወይድማ ሰነዳት ክተቕርብ/ቢ ክትሕተት/ቲ ኢኻ/ኺ።
- ኣብ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ኩነታት ትርከብ/ቢ እንተኾንካ/ኪ፣ እቶም ኣብታ ዘለኻላ/ኽላ ሃገር ዝርከቡ ሰበስልጣን፡ ካብታ ሃገር ንኽትዘዋወር/ሪ ምኽንያት እንተሃልዩ፡ ናብቶም ናይታ ካልእ ሃገር ሰበስልጣን መልእኽቲ ክሰዱ ወይድማ ኣብቲ ዘለኻዮ ሃገር እቲ ዘእተኻዮ/ኽዮ ሕቶ ያቐብ ክግምገም ክውስኑ ይኽእሉ እዮም።
- እታ ሕቶኻ/ኺ ዝተልኣኸላ ሃገር ዝሃበቶ ውሳነ ክንገረካ/ኪ እዩ።
- እቲ ናይ ምዝውዋር መስርሕ ካብቲ ዝተሐተተሉ ዕለት ክሳብ ስምምዕ ምስቲ ካልእ ዓዲ ዝወስዶ ግዜ ዝተፈላለየ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ካብ 1 ክሳዕ 11 ኣዋርሕ ይወስድ፡ እንተኾነ ካብኡ ንላዕሊ ዝወሰደሉ ግዜውን ኣሎ።

## ኣብዚ እዋን እዚ፣ እዞም ዝስዕቡ ናይ ምግባር መሰል ኣለካ/ኪ፣

- ኣብታ ዘለኻላ/ኽላ ሃገር ናይ ምጽናሕ መሰል።
- መንበሪ፣ መግቢ፣ መሰረታዊ ሕክምና፣ ህጹጽ ሕክምናዊ ረድኤት፣ ወዘተ ናይ ምርካብ መሰል።
- ዕድሜኻ/ኺ ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾይኑ፣ ትምህርቲኻ ናይ ምቕጻል መሰል ኣለካ/ኪ።

# ናይ ኣድራሻ ዝርዝራት

**UNHCR Brussels**
Avenue Louise 283
1000 Brussels
Belgium
Tel: + 32 (0)2 627 59 99
Email: belbr@unhcr.org

ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት
ትካል ስደተኛታት ኣብ ፈረንሳ

**UNHCR Paris**
46/48 rue Lauriston
75116 Paris
FRANCE
Tél. + 33 (0)1 44 43 48 58
Email : frapa@unhcr.org

**UNHCR Calais**
Tél. +33 (0)6 03 46 48 03

ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ትካል
ስደተኛታት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ

**UNHCR London**
10 Furnival Street,
EC4A 1AB London
UNITED KINGDOM
Tel. +44 203 761 9500
Email: gbrlo@unhcr.org

UNHCR
United Nations High Commissioner for Refugees
Haut Commissariat des Nations Unies pour les réfugiés